# ዓመጽ ኣብ መንጎ ቀረባ ዝምድና ዘሎዎም ሰባት

## ዓመጽ ኣብ መንጎ ቀረባንዝምድና ዘሎዎም ማለት፥ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስድራቤት ወይ ብናይ ቅድም ፈታዊኻ ዝነበረ ሰብ ኣብ ልዕሌኻ ዚፍጸም ዓመጽ ወይ ምፍርራሕ እዩ።

እዚ ዓመጽ ኣብ መንጎ ቀረባ ዝምድና ዘሎዎም ሰባት ዚብል ኣምር፥ እቲ ኣብ መንጎ ናይ ቀረባ ስምዒታዊ ዝምድና ዘሎዎምን ወይ ዝጸሓም ሰባት ዘጋጥም ኩሉ ዓይነት ዓመጻት ዘጠቓልል እዩ። ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይቲን፡ ብጾምዶ ዝነብሩ ሰባት፡ ኣፍቃሪት ወይ ኣፍቃሪ፡ ወለዲ፡ ኣሕዋት፡ ውላድ፡ ወይ ውን ካልኦት ኣዝማድ ኪኾውን ይኽእል እዩ። ዓመጽ ኣብ መንጎ ቀረባ ዝምድና ዘሎዎም ሰባት፥ ኣብ ኩሎም ደርብታት ሕብረተሰብ፥ ዕድመታት ወይ ባህሊታት ዘጋጥም እዩ።

ብዙሕ ጊዜ፡ ስነ-ልቦናዊ ወይ ኣካላዊ ዓመጻት ኣብቲ መጀመርታ ዝምድናታትካ ተበጋግሰሉ ጊዜ ኣይርአየካን እዩ። ቀሰ እናበለ ዝመጽእ ነገር'ዩ። ይኹን እምበር ዓመጽ ከም ሓደ ናይ ፍቕሪ መግለጺ ጌርካ ክትወስዶ ኣይክኣልን'ዩ። ንሓደ ሰብ ክትፈራርሖ ወይ ኣብ ልዕሊኡ ግበረ-ዓመጽ ክትጥቀም ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ። ኣብ ልዕሌኺ ግበረ-ዓመጽ እንተ ደኣ ኣጋጢሙ፥ ፍጹም ናትኪ ጌጋ ኣይኮነን። ኩሉ ጊዜ እቲ ሓላፍነት ዚስከም ሰብ፥ እቲ ኣብ ልዕሌኺግብረ-ዓመጽ ዚፍጽም ዘሎ ሰብ'ዩ። ግብረ-ዓመጽ ኣብ ዘይብሉ መነባብሮ ህይወት ክትህልዊ መሰል ኣሎኪ እዩ።

## ምሳና ርክብ ግበሪ/ግበሩ

**ቤትስልጣን ማሕበራዊ ጉዳያት (Socialtjänsten) ነተን ኣብ ገዝአን፥ ኣብ ልዕሊአን መውቃዕቲ ወይ ግበረ-ዓመጽ ዝተፈጸመን ሰባት - ደገፍን ሓገዝን ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣሎዎ።**

ምሳና ርክብ ግበሪ ወይ ናብ ቤትጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት (socialtjänsten) መጺእኪ ብጽሕና። ኣብ ጊዜ መዓልቲ፥ ኣብ መንጎ ሰዓታት፡- 08.00 - 16.30

ኣድራሻና፡- Almliden, Almgatan 2 i Bjuv

ቁጽሪ ቴሌፎን፡- 042-4585000 (ምስ ተረኛ ጸሓፊት "jourhavande socialsekreterare" ከራኽቡኺ ሕተቲ)

ቤትስልጣን ማሕበራዊ ጉዳያት (Socialtjänsten) በዞም ዚስዕቡ ነገራት ኪሕግዝኪ ይኽእል'ዩ፡-

- መኽርን ደገፍን
- ናይ ዝርርብ ደገፍ
- ኪጋጥም ናይ ዚኽእል ሓደጋን ናይ ሐለዋ-ኣድላይነትን ግምገማ
- ምስ ካልኦት ኣብያተስልጣን ናይ ምርኻብ ሓገዝ
- ቁጠባዊ ሓገዝ
- ምስጢራዊ መቐመጢ ቤት ምርካብ

**ናይ "ብዩቭ ክፉት ማእከል ክንክን-ሕማም "(Bjuvs Öppenvårdscentral) ብዓመጽ ንዝተጠቕዓ ናይ ዝርርብ ደገፍ ይህብ'ዩ።**

ኣድራሻ፡- Mejerigatan 1 i Bjuv.

ዚኽፈተሉ ሰዓታት፡- ሰኑይ - ዓርቢ፥ ሰዓት 08.00 - 16.30 (ብመሰረት ዝተገብረ ቆጸራ)

ቴሌፎን፡- 042-4585 699

Terrafem ዚበሃል ሃገር-ለኸ ቁጽሪ ቴሌፍን፥ ደቂ-ወጻኢ ንዝኾና ኣንስቲ ኪድውላሉ ዚኽእላ (jourtelefon) ናይ ተረኛ መስመር ቴሌፎን'ዩ። እዘን ኣብ "Terrafems jourkvinnor" ዘሎዋ ተረኛታት ደቂ ኣንስትዮ፥ ብ74 ዓይነት ቋንቋታት ከዘራርባኻ ዚኽእላ ኣንስቲ ዘለውአ እዩ።

ኣብ ኣስጋኢ ሓደጋን ወይ ኣብቲ ግብረ-ዓመጽ ዚፍጸመሉ ጊዜን - ናብ 112 ናብ ፖሊስ ደውሊ!